# መልዕሎ/ ጥሮታ

ናይ ጡሮታ መልዕሎ ክፍሊት ነቶም ጡረታ ዝወጹ ሰባት ብህይወት ንምንባር እኹል ገንዘብ ከም ዘለዎም የረጋግጽ። ስርዓት መልዕሎ(እስትሕጋግ) ስዊዘርላንድ ሰለስተ ኣዕኑድ ኣለዎ፡ ንሳቶም ከኣ፡ መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን)- (Alters- und Hinterlassenenversicherung, AHV | assurance-viellesse et survivants, AVS)፡ ናይ ስራሕ መልዕሎ (Pensionskasse | caisse de pension)፡ ብወለንታ ዝግበር ናይ ግዜ እርጋን መልዕሎ (3ይ ዓንዲ)።

## መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን) (1. Säule | 1er pilier)

መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን) (Alters- und Hinterlassenenversicherung, AHV | assurance-viellesse et survivants, AVS) መንግስታዊ ትካል እዩ። መብዛሕትኦም ዓበይቲ ነዚ ንምግባር ውጽኢት ክኸፍሉ ኣለዎም። ንሰራሕተኛታት እቲ ክፍሊት ካብ ደሞዞም ብቐጥታ ወርሓዊ ይቘረጽ፡ እቲ ኣስራሒ ድማ ፍርቂ እቲ ክፍሊት ይኸፍሎ(ይሽፍኖ)። ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም(ነብሶም ክኢሎም ባዕሎም ዝናበሩ ሰባት) ወይ ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ወፈያታቶም ብኸመይ ከም ዝኸፍሉ ንምፍላጥ ምስቲ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዝርከብ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን) AHV ክሓቱ ኣለዎም (AHV-Zweigstelle der Wohngemeide | l’agence AVS de votre lieu de domicile). AHV ነቶም ጡረታ ዝወጹ ሰባት ወርሓዊ መልዕሎ ይኸፍሎም። መጠን እቲ መልዕሎ ኣብቲ እተኸፍሎ ውጽኢት እዩ ዝምርኮስ ። ይኹን እምበር AHV ንሰብ ሓዳርን ውሉዳትን ናይ ዝሞተ ሰብ (ናይ ማእምንን/ሓያማትን ዘኽታማትን መልዕሎ) እውን ይድግፎም እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናይ ብሕቱ መድሕን ቍጽሪ ዘለዎ AHV ካርድ (AHV Ausweis | certificat d'assurance AVS) ይህልዎ።

## ናይ ስራሕ መልዕሎ- 2ይ ዓንዲ (2. Säule | 2ème pilier)

ጥሮታ ድሕሪ ምውጻእ ን ንቡር(ልሙድ) ናብራን ህይወትን ንምምራሕ፡ AHV ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ስለዚ ንሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ መልዕሎ(እስትሕጋግ) ክፍሊት እውን ኣሎ እዚ ድማ ካብ እተወሰነ ናይ ደሞዝ ዓመታት ግዴታ እዩ። እቲ ክፍሊት ካብ ደሞዝ ብቐጥታ ወርሓዊ ይቘረጽ፡ እቲ ኣስራሒ ድማ እንተ ወሓደ ፍርቂ እቲ ክፍሊት ክኸፍል/ክሽፍኖ )ኣለዎ። ነብሶም ክኢሎም ዝነብሩ ነዚ ዝምልከት ክፍሊት ክኸፍሉ ኣየድልዮምን እዩ። ይኹን እምበር ብፍቓዶም ከምኡ ክገብሩ ይኽእሉ፡ ነዚ ከኣ ባዕላቶም ሓላፍነት ይወስዱ። እዚ ኣብ ናይ ጥሮታ ማዕከን ገንዘብ ዝተዋህለለ: ምስ ኣረግካ ከም ጥሮታ መልዕሎ ወይ ከም ናይ ሓደ ግዜ ክፍሊት ይወሃብ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት እቲ ገንዘብ ኣቐዲሙ ክኽፈለካ ይከኣል እዩ፡ ንኣብነት ትካል ክትገብር ምስትደሊ: ካብ ስዊስ ክትወጽእ ምስትደሊ: ገዛ ክትሰርሕ ወይ መንበሪ ገዛ (ኣፓርታማ) ክትገዝእ ምስትደሊ።

## ብወለንታ ዝግበር ናይ ግዜ እርጋን መልዕሎ (3. Säule | 3e pilier)

እቲ ሳልሳይ ዓንዲ ካብ ግብሪ ዝንከ ብወለንታ ዝኽፈል ናይ ብሕቲ መልዕሎ(እስትሕጋግ) ክፍሊት እዩ። እዚ ኣብ ባንክታት ወይ ኣብ ናይ መድሕን ትካላት ክግበር ይከኣል። ብዕድመ ምስ ደፋእካ እኹል መሕለውታ ገንዘብ ንክህልወካ በዚ 3ይ ዓንዲ ጌርካ ገንዘብ ከተዋህልል ትምሕጸን(ትምከር)።

## ተወሳኺ ኣገልግሎትታት(ረብሓታት)

ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ዋላ'ኳ ናይ መልዕሎን (AHV) ጥሮታን (ናይ ምስ ኣረግካ ዝወሃብ) ገንዘብን እንተተዋህቡ: ንናብርኦም እኹል ኣይኮነን: ኣብ ከምዚ ኩነታት ተወሳኺ ገንዘባዊ ሓገዝ ካብ መንግስቲ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም (Ergänzungsleistungen | prestations complémentaires)። ነዚ ዝምልከት ኣብ ምምሕዳር ከተማ/ከባቢ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት መድሕን ኣረጋውያንን ብህይወት ዘለዉ ሰባትን(ሓድጎምን) AHV ክሓቱ ኣለዎም። መን ተወሳኺ ረብሓታት(ጥቕምታት) ክረክብ ይግብኦ ብንጹር መምርሒ ተሓጊጉ እዩ። ተወሳኺ ጥቕምታት ካብ ከፈልቲ ግብሪ እዩ ዝምወል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/social-security/old-age-insurance